# ካብ ኤርትራ ካብ በጻሕቲ ዝረኸበ ሓበሬታ

**ታደሰ ኪዳነ** **8 ጥቅምቲ 2018**

ኤርትራ ነቲ ምስ ኢትዮጵያ ዝነበራ ዶባዊ ምስሕሓብ ኣብ መዓልቦኡ ከይበጽሐ፡ ቅድመ ምድላዋት ከይገበረትሉ ብሃንደበት ኢያ ነቲ ን20 ዓመታት ዜጋታታ ብናይ ኣሕዋቶም ጠያይት ዝቕዘፉሉ ዝነበሩ ምስ ኢትዮጵያ ዘዋስና ዶባት ከፊተዮ ዝበለት። ብልክዕ ንምዝራብ፡ ካብ ከባቢ ግምቦት 1998 ዓ.ም ኣትሒዙ ክሳብ 10 መስከረም 2018 ዓ.ም ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ናይ መትሮታት ርሕቀት ኮይኖም፡ ሓደ ነቲ ካልእ ከጥፍእ ከይደቀሱ ዝሓድሩ ብክልተ ተጻረርቲ ሓይልታት ኢዩ ዝሕሎ ዝነበረ። እዞም ክልተ ተጻረርቲ ሓይልታት፡ ሓንሳብ ክቃተሉ፡ ካልእ እዋን ሓድሕዶም ክፈካከሩ ኢዮም 20 ዓመታት ኣሕሊፎም።

እቲ ኣዝዩ ንሰማዕቲ ዘገርምን ክትኣምኖ'ውን ዝዕርዕረካን ግን፡ ነቲ ናይዞም ክልተ ተጻረርቲ ሓይልታት ተተኮስቲ ሓድሕድ ዝተፋጠጡሉ ናይ ውግእን ሞትን ዞባ፡ ነቲ ብጸልማት ኣጸሚዩ ተንከስ ንዝበለ'ውን መታን ኣዘንጊዑ ከይጽጋዕ ተባሂሉ፡ ሓዊ ብዝተፍኡ ፈንጅታት ዝተሓጽረ ቦታ ዝሰግሩ፡ ነብሶም ዝቐበጹ ቆልዓ ሰበይቲ ምንባሮም ኢዩ። እወ - ካብታ ኤርትራ ትበሃል ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ዝተቐየረት ሃገር ዝሃድሙ፡ ነቲ ኩሉ ናይ ክልቲኡ ወገን ተተኮስትን ኣብ ዝረግጽዎ መሬት ዝተጻወደ ፈንጅታትን ብዕድል ክሰግሩ ወይ ኣብኡ ተሪፎም ቀለብ ኣዛብእ ክኾኑ ዝመርጹ ሰባት (እንተላይ ቆልዓ ሰበይቲ) ነይሮም። ነዚ ናይ ሞትን ቅትለትን ዝበልናዮ ቀጢን ዞባ እምበኣር ብዙሓት ዝጨነቖም ቆልዓ ሰበይቲ ሰጊሮም ኢዮም። ብዙሓት ረሳኦም ዝተኣከበን ደሃዮም ዝጠፍኣን ሰባት ከኣ ብዙሕ ጸበባን ስቓይን ዝረኸብሉ ቦታ ኢዩ።

ሰሉስ 11 መስከረም 2018 ዓ.ም ረፋድ ዓለም ዘይተጸበየቶ ሃንደበታዊ ተኣምር ዝረኣየትላ መዓልቲ ኢያ። እቲ ክሳብ ሰኑይ 10 መስከረም ናይ ሞትን ቅዝፈትን ዝነበረ ዞባ፡ ሃንደበት ክጠሓስ ተዓዚብና። እቶም ኩሉ ዓይነት ተተኮስቲ እናስነቑ ንሓድሕዱ ዘዋድእዎ ዝነበሩ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ናይ ክልቲኡ ሰራዊት፡ ነቲ ብክቱር ምእዙዝነቱ ዝነዓቕዎን ናብ ደረጃ እንስሳ ወሪዱ ዝተራእዮም ወታደር፡ ሃንደበት ዕጥቁ ፈቲሑ፡ ናይ ሰላምታ ኢድ ክጨባበጥ ኣዚዞሞ። **“ትማሊ ስለምንታይ ንቃተል ነይርና፡ ሎሚ’ኸ ብኸመይ ተመሓዚና?”** ዝብል ሕቶ ዘቕርብ ዘይብሉ ከኣ፡ ብድሌት ናይቶም ንነብሶም ናብ ፍጹም ገበርትን ሓደግትን፡ ቀተልትን መሓርትን ዝተቐየሩ ናይ “ልዕለ ተፈጥሮ” ሰባት፡ እቲ ናይ ሞትን ቅዝፈትን ዝነበረ ዞባ፡ ‘ናይ ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ዞባ ኮይኑ ኢዩ’ ተባሂሉ። ካብዛ መዓልቲ’ዚኣ ጀሚሩ ከኣ፡ ካብታ ን20 ዓመታት ናብ ጸልማት ዕጽውቲ ሳንዱቕ ተቐይራ ዝጸንሐት ኤርትራ ወጺኡ፡ ካልእ ዓለም ክርኢ ዝደሊ ናይ ትማሊ እሱር ዝነበረ ህዝብን፡ ኣብ ውሽጢ’ቲ 20 ዓመታት ኣብታ ዕጹውቲ ሳንዱቕ ዝነበረ ኩነታት ክፈልጥ ዝደሊ ብግዳም ዝነበረ ካብን ናብን ዶባት ክልቲኡ ሃገራት ዝመላለስ ህዝቢ፡ ነቲ ናይ ትማሊ ናይ ሞት ቀጠና ጥሒሱዎ ክሓልፍ ተዓዚብና።

ኩሉ’ዚ ግን ብድሌት ናይቶም ንነብሶም ናብ ዝወጸሉም መለኸቲ ዝለወጡ ‘ነጋውስ ምድሪ’ ስለ ዝግበርን፡ ጽባሕ እንታይ ይሓስቡ ስለ ዘይፍለጥን፡ እቲ ካብን ናብን ዝሰግር ህዝቢ ኩሉ ግዜ ከብዱ ምስ ሓቖፈ ኢዩ። መን ይፈልጥ ድሕሪ ሓደ ሰዓት፡ ዋላ’ውን ድሕሪ ሓንቲ ደቒቕ፡ ነቲ ከም ድላዮም ዝእዝዝዎ ዓስከር፡ ተወዝ ንዝበለ ክቕትል ይእዝዝዎ ይኾኑ። እቲ ንነብሱ ናብ ፍጹም ጊላ ዝለወጠ ዓስከር’ውን ዝተባህሎ ካብ ምግባር ዝሓልፍ ካልእ ምርጫ የብሉን። “ኣይቀትልን” ዝበለ ፡ ንባዕሉ ከም ዝቕተል ይፈልጥ ኢዩ። ሕጂ’ውን ኩሉ ኣብ ፍቓድን ድሌትን ናይቶም ‘ነጋውስ ምድሪ’ ኢዩ’ሞ፡ እነሆ እቲ ብውሽጡ ዘይቅሱን ናይ ሰላም ኣየር ካብ ዝነፍስ ሓደ ወርሒ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብቲ ‘ናይ ሞት ቀጠና’ ሰላም ሰፊኑ ኣሎ። እቶም ነቲ ዞባ ናብ ናይ ሞት ቀጠና ዝቐየሩ ሰባትን፡ እቲ ምኽንያት ከኣ ብዓቢኡን ገና ህያው ስለ ዘለዉ ግን “ናይ ሓዋሩ ሰላም ኢዩ” ንምባል ዘድፍር ኣይኮነን።

ኣብዘን ዝሓለፋ 30 መዓልታት እምበኣር፡ ኣዝዮም ብዙሓት ብጽቡቕን ሕማቕን ዝግለጹ ምዕባሌታት ርኢና ኢና። ሕጂ'ውን እቶም ገበርትን ሓደግትን ዝበልናዮም 'ነጋውስ ምድሪ'፡ እንታይ ክግበር ምዃኑ ስለ ዘይዛረቡ፡ ከም ገለ እንተ ተዛረቡ'ውን ስለ ዘይእመኑ (ዝእመን'ውን ስለ ዘይዛረቡ) ሰባት ንትዕዝብትታቶም በብዝመስሎም ክገልጽዎ ኢዮም ጸኒሖም። ብርግጽ ኩሉ ዝወሃብን እንሰምዖን ወረን ትንታኔን ሓቂ ከይከውን ይኽእል ኢዩ። ሓሶት ኢዩ ንምባል'ውን ዘድፍር ኣይኮነን። ብዙሓት ዘይተጸበናዮምን "ዘይእመን ኢዩ" ዝበልናዮምን ነገራት፡ ድሒሮም ህያው ኮይኖምን ክንኣምኖምን ስለ ዝጸናሕና። ሕጂ'ውን ክንኣምኖን ከይንኣምኖን ኣብ ማሕፉዳታት ትዕዝብትታትና ኣቐሚጥናዮ ክንጸንሕ፡ ገለ ወስ ክብለኩም ኢየ።

እዚ ሎሚ ከም ዜና ዘቐርበሉም ዘለኹ ከኣ፡ ኣነ ብኣካል ዝነበርኩዎ ኣይኮነን። ቀዳማይ ኣቐባሊ ሓበሬት'ውን ኣይኮንኩን። ሓደ "ካብ እሙናት ምንጭታት ዝረኸብኩዎ ኢዩ፡ ባዕልኻ ብዝጥዕም መንገዲ ኣቕርበለይ" ስለ ዝበለኒ ኢየ ናብ ሰማዕቲ ክዝርግሖ ወሲነ። እነሆ ከኣ ኩሉ'ቲ ዝሰማዕኩዎ፡ እቲ ዝእመን ክእመን፡ እቲ ዘጠራጥር ከኣ ከም ትዕዝብቲ ተታሒዙ ክጸንሕ፡ ከም ዘለዎ ናብ ሰማዕቲ ኣቕርቦ ኣለኹ። ሰናይ ንባብ

1. እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት፡ ካብቲ ኣብ ደገ ኮይንና እንሰምዖ ኣዝዩ ዝተፈልየን ዝያዳ ዝኸፍአን ኣሰካፍን ኢዩ
2. እተን ነብሰን ኪኢለን ውዱእን ዘይውዱእን ኣቕሑት ንግዳም ዝልእካ ዝነበራ ከተማታት ሃገርና (ኣስመራ ጸዕዳ'ውን ብዓባያ) ሎሚ ነዛ ንነብሰን ምዃን ስኢነን፡ ኣብ ዓዲ ግራት ብዝተሰርሐ ባኒ ይዕንገላ ኣለዋ።
3. ከተማታት ኤርትራ ብጽሬተንን፡ ብጽፈት ዝኸተልኦ ምሕደራን ካብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ኣብ ቅድሚት ዝስርዓ ኢየን። ጎደናታተን ፍሉጥ፡ ዕዳጋን መዘናግዒ ቦታታትን ፍሉጥን ንዕኡ ብዝከታተል ኣካል ብስርዓት ዝተሓዝን ኢዩ ነይሩ። ሎሚ ግን ብስም ሰላም ወሪዱ ዘሎ ስርዓተ ኣልቦነት መግለጺ የብሉን። ፍሉጥ ናይ ዕዳጋ ቦታ የለን። ኩሉ ጎደናታትን ህዝባዊ ቦታታትን መጻወቲ ኩዕሶ ሜዳን፡ ኮታ ኩሉ 'ሰብ ይሓልፎ ኢዩ' ዝበሃል ክፉት ቦታን ናብ ዕዳጋን መሻየጢ ቦታን ተቐይሩ ኣሎ። ሎሚ መልክዕ ከተማና ከም ቀደሙ የሎን፡ ተቐይሩ ኢዩ።
4. እቲ ን27 ዓመታት ኣብ እንግድዓ ህዝብና ዝተጻዕነ ናይ ራዕዲ ስርዓት፡ ገዲፉን መልክዑ ለዊጡን ኢዩ መጺኡ። ሎሚ ብክቱር ነብሰ ተኣማንነት ክሳዶም ነፊሖም ኣብ ከተማታት ሃገርና ብፍላይ ኣብ ኣስመራ ብትዕቢትን ንዕቀትን ዝንቀሳቐሱ እቶም ቀጠልያ መብራህቲ (Green light) ዝተዋህቦም፡ ጁባታቶም ምሉእ፡ ካብ ስግር መረብ ዝመጹ ኢትዮጵያውያን ኢዮም።
5. ገለ ብመንገዲ ሳዋ ናብ ወታደራዊ መዓስከራት፡ ገለ ብስግረ ዶብ - መንእሰያት ደቀን ዝሰኣና ከተማታት ሃገርና፡ ብትዕቢትን ንዕቀትን ብዝሓበጡ ኢትዮጵያውያን ኣጓብዝ የዕለቕልቓ ኣለዋ። እዚ ከይኣክል እቶም ጽባሕ ክጉብዙ እንዝጽበዮም ቆልዑ'ውን ካብ ዓደ-ቦኦም ይጠፍኡ ኢዮም ዘለዉ። ብኣንጻሩ ከተማታት ትግራይ ተስፋ ብዝጸንቀቑ፡ ሓገዝን ረድኤትን ብዝጽበዩ ኤርትራውያን ቆልዓ-ሰበይቲ ተጎቢአን ይርከባ።
6. ሰብዓ- ሰማንያ (70/80) ዝዕድሜኦም ሽማግለታት ኤርትራ "ሓድግን ወረስቲ ገዛን ዝበልናዮም ተሪፎም ዝነበሩ ደቂ-ደቅና ገዲፎሙና ናብ ኢትዮጵያ ሰርጊሮም፡ ብጽምዋ ተበሊዕና ኣለና" እናበሉ እናነብዑ የስቆርቁሩ ኣለዉ። ዝብሉ ካብዚ ካብ ደገ ደዊልና ዝብሉ ሰባት'ውን ኣጋጢሞሙኒ ኣለዉ። ኤርትራ ትጸንት ኣላ።
7. እዞም ካብ ስግር ማዕዶ ዝመጹ ሰብ ገንዘብ፡ ሕጊ ትራፊክ ኤርትራ'ውን ኣይንታዮምን ኢዩ። ፖሊስ ትራፊክ ኤርትራ "ከይትሓትዎም" ስለ ዝተባህሉ፡ ቃሕ ከም ዝበሎም ኢዮም ሕግታት ትራፊክ

ዝጥሕሱ። መኣስ እዚ ጥራይ፡ መካይን ሒዞም ካብ ስግር መረብ ዝመጹ ኢትዮጵያውያን፡ ዘይ ኤርትራዊ ታርጋ ብዝሓዛ ሚኒባሳት ብኣዝዩ ትሑት ታሪፍ ከም ታክሲ ይሰርሓ ኣለዋ። ነዚኣተን'ውን ሕጊ ንግዲ ኤርትራ ዝምልከተን ኣይኮነን።

8. ኣብ ጽርግያታትን ጎደናታትን ኤርትራ፡ ነዳዲ ብጀሪካናት ብቐሉዕ ካብቲ ኣብ መዐደሊ ነዳዲ ዝዕደል ብዝሓሰረ ዋጋ - ብፍኑው ኢዩ ዝሸየጥ። መቐለ በጺሕና ዝብሉ ካልኦት ሰባት'ውን፡ "ኣብ ጎደናታትን ጽርግያታትን ናይታ ከተማ፡ ናይ ኣስመራ ቢራ፡ ካብ ኤርትራ ካብ ዝተመልሳ መካይን፡ ኣብ ጽርግያታት ብፍኑው ክሸየጥ ርኢና" ይብሉ።
9. "ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ ንኤርትራ ምስ ደገ ከም ዘይትራኸብ ብክቢ ዓጽዩ፡ ብመደብ ኣብ ምዕናው ኤርትራውነትን፡ ኤርትራዊት ስድራን ኢዩ ክሰርሕ ጸኒሑ" ዝብሉ፡ እቲ ኩነታት ዘሕዘኖም ሰባት ኣምሪሮም ይዛረቡ ኣለዉ።
10. **ንዓይ ልዕሊ ኩሉ ዘሰንበደንን ንኽኣምኖ'ውን ኣጸጊሙኒ ዘሎ ግን ካልእ ኢዩ። እቶም ካብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ካብ ትግራይ ናብ ኤርትራ ዝኣትዉ መራሕቲ ዓበይቲ መካይን ያኣዪ ዕጡቓት ሰብ ብረት ከም ዘለዉዎም ይንገር ኣሎ። ኣብታ ምጭውቲ ከተማና ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ፡ ዕጡቓት ኣካላት ስለያን ጸጥታን ኢትዮጵያ  ክዛወሩ ይረኣዩ ኣለዉ። በዚ ከኣ ኢዩ እቲ ምቁጽጻር ዘይብሉ ምኽፋት ዶባት ካብ ተራ ንግዲ ዝሓልፍ ካልእ ስዉር ፖለቲካዊ ዕላማ ከይህልዎ ዝፍራሕ።**
11. ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ኤርትራ፡ እቲ ኩነታት ኣርሚሙዎም፡ ኣብ ገገዝኦም ኮፍ ኢሎም ኢዮም ዝዕዘቡ ዘለዉ። ኩሉ'ቲ "ገሊኦም ብፍቓዶም ስልጣኖም ሓዲጎም፡ ገሊኦም ተሰጕጎም ወዘተ" ዝብል በብመዓልቱ እንሰምዖ ወረ፡ **"ኣብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ተሰሪሑ ዝፍኖ ኢዩ"** ዝብሉ'ውን ኣለዉ።

ብሓፈሻ፡ እዚ ምስ ሓድሽ ኢትዮጵያዊ መራሒ ዝረአ ዘሎ ቅጥዑ ዝሓለፈ ሽኽርክር፡ "ብዋጋ ልኡላውነት ሃገርናን ክብሪ ህዝብናን፡ ብዋጋ ሰማእታትናን ኣብ ጎዳጉዲ ዝበልዩ ዘለዉ ጀጋኑናን፡ ውልቃዊ ድሕነት ኢሰያስ ኣፎርቅን ስድራ-ቤቱን ንምርግጋጽ ኢዩ" ዝብል ዓቢ ስንባደን ፍርሕን ፈጢሩ ምህላዉ ይዝረብ ኣሎ።

**ንሎሚ ኣብዚ ከውድእ ኢየ**

**ታደሰ ኪዳነ**
**በርሚንግሃም**